# ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣብራሃምነ ጋሲ መግለጺ ሓዘን

*ሰብ ኣለዎ እዛ ሃገር, ከምስርዓተ ሃይለ ስላሴ ደርጊ, ኣርዑት ጨፍራ ህግደፍ ክስበር, ሕድሪ ኣሉና ናይ ቀዳሞት ዳሕረዎት, ጀጋኑ ስዉኣት ደቂ ሃገር,,*



*ኣብራሃም ኣኺላ ዶ መዓልቲ*
*ጸልማት ከላ ከይበርህት ለይቲ*
*በብሓደ ሓሊፎም ተቓለስቲ,*

*ሓርበኛ ኣብራሃምነ ጋሲ*
*ትማሊ ንነጻነት ኣብ ቃልሲ*
*ሎሚ ንሓርነት ንደሞክራሲ*
*ከይዓረፈት ሓሊፋ ነብሲ,*

*ንተጋደልቲ ጀብሃ ንምጽላም*
*ንወደቦይነ ጋሲ ኣብራሃም*
*ንጸረ ገድሊ ምስ ኣርዓዶም*
*ንጸለመ ዘይሞምሲሒሎም*
*ብተወልዋላይ ዘይቲ ክድህሉ ፈቲኖም*
*ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣሉታ ዛዚሞም;*

*ኣብራሃም ኣብ ቓልሲ ታሪኽ ገዲፍካ*
*ምስ ኪሮም እዮም ናይ ዕላማ ብጸትካ*
*ጸረ ገድሊ ፈሺሎም ኣብ ቅትለትካ,*

*ደቂ ኤረ ወዲ ሰብ ኣይኮነን ነባሪ*
*ገለ ባሉታ ገለ ብኣወንታ ተዘካሪ*
*ጅግንነት ኣብራሃምነ ጋሲ ንገሪ*
*ስርሒት ደቀምሓረ ምስክሪ,*

*ኣብ መንጎ ኣሓት ሓዊ ምስ ኣጎዱ*
*ሃገራዊ ራኢ ዘለዎም ምስ ተሰደዱ*
*ዱጉል ዕላማ ዘለዎ ቴምቤ ናይ ሰዊዱ,*

*ምስ ኣለለዮም ጅግና ወዲ ዓሊ*
*ኤርትራ ንኤርትራውያን በሃሊ*

ጸረ ገድሊ ገንሸል ገሮሞትማሊ,

ድሕሪ ተሐኤ ኩሉ ኮንቱ
ዕላማኣለዋሃ ምዓሸ ተዓዊቱ
ህዝቢ ኤርትራ ተዘሚቱ
ካብ81 ታሪኽ ኣንፈቱ ስሒቱ,

መንዩ ውፉን ሸፉን
ኣብ ምፍልላይና ጋኔን
ዝያዳና ኤርትራዊ ዝኸውን,

ንተጋደልቲ ተሐኤ ንበር ክላቦ
ነንነብስና ንሕተት ከይበረሰ ዓደቦ
ምስ ተጠርኒፍና ኢና ክንዲጎቦ,

ሑሉፍ ተማኩሮና ዩኒቨርስቲ ዩ ባዕሉ
ተማኩሮና ንድሕነት ህዝቢ ንጠቕማሉ
ታሪኽና ነበረ ያ ነበረ ከይገብርዎ ትኺሉ,

ኤርትራ ንኤርትራዊያን ኢልና ንሜዳ ዝወጻና, ናይ ጌጋ ጌጋ መዓልቲ ንተሐኤ ምኽሳርና, ወጽኢቱ ሕጂ ይኸፍሎ ሎ ህዝብና, ንነብሲ ሄር ኣብራሃም ነጋሲ መንግስተ ሰማይ, ንህሉውት ጠሊ ጽንዓት ያሃብኩም, ንብል ደለይቲ ፍትሒ መቓልስቲ ኣቦኹም,,

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና, ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ, ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡፡
ብሸምዋዕሮታትን ሐርበኛታትን, ገጣሚበርሀ ውቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡፡